# መደረ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ኣብ መበል
# 79 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት




ክቡር ፊልሞን ያንግ - ፕረዚደንት መበል 79 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ ክቡር ኣንቶንዮ ጉተረሽ - ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ዝኸበርኩም ወከልቲ ሃገራትን መንግስታትን፡ ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን እዚ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ፡ ኣብ ኣገዳሲ መድረኽ ምስግጋር ዓለማዊስርዓት'ዩ ዝጋባእ ዘሎ። ቅድሚ ናብ'ቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ምእታው ድማ፡ ሓጺር ድሕረ-ባይታኣዊ ክወና ንምሃብ፦ ቅድሚ ሓደ ዘመን፡ ድሕሪ 1ይ ዓለማዊ ኲናት ኣብ ጥሪ 1920፡ 'ማሕበር ሃገራት' (league of Nattions) ክምስረት ከሎ፡ "ዓለማዊ ሰላም" ንምንጋስ ተባሂሉ'ዩ ተበጊሱ። 'ማሕበር ሃገራት' ከድምፅ ስለዘይከኣለ፡ 2ይ ዓለማዊ ኲናት ተወሊዑ። ድሕሪ 25 ዓመታት፡ መተካእታ 'ማሕበር ሃገራት'፡ 'ሕቡራት ሃገራት' (United Nations) ኣብ ጥቅምቲ 1945 ካልእ ዓለማዊ ኲናት ንምግታእን ዓለማዊ ሰላም ንምውሓስን ተመስሪቱ፤ ዓለም ናብ'ቲ ብ"ዝሑል ኲናት" ዝፍለጥ መዋእል ክልተ-ቀጽሪ ኣትያ። ዝሑል ኲናት ምስ ኩሉ ዲናሚካቱ፡ ሰላም ከየንገሰ፡ ድሕሪ ኣስታት 45 ዓመታት (ኣብ 1991)፡ ብምብትታን ቀጽሪ "ሶቭየት-ነበር" ኣኽቲሙ። ሓድሽ ሓደገኛ መዋእል "እንኮ-ቐጽሪ" ተበጊሱ።

"እንኮ-ቐጽሪ"፡ ሓድሽ ስነ-ሓሳብ ኣይነበሮን። ናይ ካልኦት ሃብቲን ጸጋታትን ንምግባት፡ ብሓይሊ/ጽልዋ ዓብሊልካ ግዛእ ዝብል ናይ ዕማኾ ስሱዓት፡ ንመዋእላት ዝጸንሐ ናይ ባርነትን መግዛእቲን ደግሲ'ዩ። ከም ሳዕቤን፡ እዉጅ ኲናት "ድረታ"፤ ኀይቶት "እንኮ-ቐጽሪ" ኣብ ኤውሮጳ ብገፊሕ፡ ብፍሉይ ከኣ ኣብ "ኡክራይና" ዝካየድ ዘሎ ዕንደራን ሳዕቤናቱን፡ ብተመሳሳሊ መጕትን ንተመሳሳሊ ዕላማታትን፡ ኣብ ኤስያ ኣንጻር ቻይና ዝርአ ዘሎ ናይ "ድረታ" ምትኹታኹን ናብ ሓደገኛ መድረኽ ናይ ምድያቡ ዘሎ ኣመታትን፤ ኣብ ኀዶቦና ጉዳይ ፍልስጤም ቀቲልካ ንምጽናት ዝተኣወጀ ኲናት ፈጢሩዎ ዘሎ ነውጺን ሓደገኛ ኣመዓባብላኡን፤ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት

ብዝተፈላለየ ብልሓታት፡ መግዛእታዊ ባርነት ንምዕቃብን ንምንጋስን ዝካየድ ሽርሒታት ዘስዕቦ ዘሎ ቅልዉላዋትን ዕንወትን፡ ኣብ ላቲን ኣመሪካ፡ ተመሳሳሊ ሃይመናዊ ምልኪ ንምርግጋጽ ዝካየድ ቅሉዕ ምትእትታዋት፡ ኣብ ኣሜሪካን ኤውሮጳን ንዝፈራኸሽ ዘሎ ልፍንቲታትን እናዓበየ ዝኸይድ ህዝባዊ ተቓውሞታትን ንምቑጻይ ዝካየድ ሽጣራታት፡ ደማሚርካ ኪርአ 'ከሎ፡ ናይ'ዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓሰራት (decades) ናይ "እንኮ-ቐጽራዊ" ዕንደራታት ንድየትን ፍሽለትን ዘረጋግጽ ሕላገታት'ዩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ኣብ ኩሎም ዝሓለፉ መዋእላት፡ "ዓለማዊ ስርዓት" ንምቕራጽ/ንምውዳብ ዝተኻየዱ ፈተነታት፡ ምእንቲ ርእሶም ሸቶ ኣይነበሩን። ቅርጺታት ናብ ሸቶ ወይ ዕላማ መብጽሒ ኣገባብ ወይ ሜላ'ዩ። ሰላም ወይ ርግኣት፡ ከም ኩነት ናብ ራህዋን ዕብየትን'ውን፡ ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ ናይ ወዲ-ሰብ ሃንቀውታ ንምብጻሕ፡ ፍትሒ ንምርግጋጽ፡ ፍትሓዊ ስርዓት ምንጋስ ማለት'ዩ። ዕብለላን ዓሎቕ ሓይልን ታህዲድን ዝምታን ምግባትን ዘይብሉ፡ ፍትሓዊ ስርዓት ምርግጋጽ ወይ ምውሓስ ማለት'ዩ። ብመገዲ "ማሕበር ሃገራት" ይኹን ብመገዲ "ሕቡራት ሃገራት"፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሚእቲ ዓመታት ብህዝብታት ዓለም ሃንቀውታ ዝተገብረሉ ሸቶ ኸኣ፡ "ፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት" ንምንጋስ'ዩ ነይሩ። እቲ ሕቶ፡ እዚ ባህግን ሃንቀውታን ህዝብታት ተጨቢጡ'ዶ? ዝብል'ዩ። እቲ ክውን መልሲ፡ "ኣይተጨበጠን" እዩ። እቲ ዘስዕብ መጕታዊ መደምደምታ ኸኣ፡ ስለዘይተጨበጠ፡ ተስፋ ኣየቑርጽን፡ ብኣንጻሩ ቈራጽነትን መኸተን የሐይል። ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተጋባእቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተመክሮ፡ ከም ሓደ ካብ ኣሸሓት ኣብነታት ወሲድና ንምዝራብ፡ ኣብ'ዚ ናይ ሰለስተ መዋእላት፡ ኣስታት 80 ዓመታት ድሕሪ ምኽታም 2ይ ዓለማዊ ኲናት፡ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ናጽነት መሰሉ ከየሰላስል፡ በሕዋት "ዳላስ" - "ኤርትራ ንእስትራተጂያዊ ረብሓታትና ኣይተገልግልን'ያ" ስለዝተባህለ፡ ናይ 50 ዓመታት ፖለቲካውን ዕጥቃውን ሓርነታዊ ቃልሲ ከካይድን ከቢድ መስዋእቲ ኪኸፍልን ምግዳዱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብተመሳሳሊ "ሃይመናዊ" መጕት ኣብ ዞባና ዝሰዓበ ቅልውላዋትን ዕንወትን፡ ናይ ትማል ዝኽሪታት'ዩ።

ድሕሪ 1991 እውን እንተኾነ፡ ብዝጠፈሸ መናቜቲ ሽጣራታት "ዶባዊ ግጭታት"፡ ህዝቢ ኤርትራ ጉዕዞ ሃገራዊ ህንጻቱ ቀሲኑ ከይቕጽል ዝተሃቀነ ፈጠራ ቅልውላዋት ዘኸሰሮ ዕድላትን ዘኸተሎ ዕንወትን ቀሊል ኣይነበረን። ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ግን ክምህ ኣይበለን። ከም ወትሩ፡ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጐኒ ፍትሒ ዘጨነቖም ሃይመናውያን፡ ብፍሽለት ውዲታቶም

እናተረበጹ፡ ተጻብኦታቶም ምስ ምዕራጉ፡ ነቲ ንመዋእላት ኣንጻር ሽበራን ዓሎቕን ዝመከተ ህዝቢ ኤርትራ "ንምቕጻዕ"/ ንምስንካል፡ ኣብ 2009 ብመሰረቱ መርትዖ ዘይነበሮ ቅሉዕ ሓሶት ፈብሪኾም፡ "እገዳ" ኣስገዲዶም። ኣብ 2018 እቲ "እገዳ" ተላዒሉ'ኳ እንተተባህለ፡ ገና ዘይተመለሰ ዘሎ ሕቶ፡ "ብቐደሙ፡ ስለምንታይ እገዳ?" ዝብል'ዩ። እገዳ፡ ምስ ሕሱር ናይ ምስይጣን ዘመተታትን ምጥቓስ ሽርሒታትን ቀጻሊ'ዩ። ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተመኩሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጫፍ እምባበረድ'ዩ ኪበሃል ይከኣል። ኣብ ልዕሊ ካልኦት ህዝብታት፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ላቲንኣመሪካ፡ እስያ፡ ኤውሮጳን ኣመሪካታትን ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒታት፡ እልቢ የብሉን። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ዚምባብወ፡ ቨነዝዌላን ኩባን ዝተስገደደ በይናዊ ስጉምቲታትን እገዳታትን ክለዓል ንምሕጸን። ብመንጽር ጐብለላት ጫካ ከንግስዎ ዝደልዩ ስርዓት፡ ሕቡራት ሃገራት ዝቼመሉ መትከላት ኣበይ ኣሎ? ልዕሊ ኩሉ ግን፡ ህዝቢታት ዓለም ሰላምን ርግኣትን ኣውሒሶም፡ ልምዓትን ዕብየትን ራህዋን ዝረኽቡሉ ፍትሒ ዘረጋግጽ ዓለማዊ ስርዓት ኪዋደድ፥ ካብ ናይ ሓደ ምሉእ ዘመን ነዊሕ ቃልስን መኸተን ብጽንዓት ዝሓየለ ምሕዝነት ምህናጽ፡ ንዕድላት ዝግደፍ ሕርያ ኣይኰነን። ጎብለላት ጫካ፡ ብገበናቶም ኪሕተቱን ፍትሒ ኪረጋገጽን ኣለዎ።

ሰናይ ምንዮት!

የቐንየለይ።